# ህዝባዊ ደሞክራሲ

ኣብ ከክልተ ወርሒ ዝሕተም ወግዓዊ ልሳን
ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ

(ደግሓኤ)

ቅ፡05 ቁ፡01

ጥሪ 2015

# ትሕዝቶ

- **ርእሰ-ዓንቀጽ፡**

ኣወንታዊ ውጽኢት ህጹጽ ኣኼባ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ብምዕቃብ፡ መድረኻዊ ዕማማቱ ንምዕዋት ዕቱብ ጻዕርታት ነካይድ።

- **ስደት-ከም ተርእዮን ብደሆታቱን።**

- **ብባህጊ፡ ህልቂትን ዕንወትን ዝዕወት ዕላማ የለን!**

- **ናይ ኣንበብቲ ዓምዲ፡**
    - ለውጢ ኣብ ምምጻእ ግቡእካ ከይገበርካ፡ ብካልኦት ኣብ ዝመጸ ለውጢ ተረባሒ ምዃን'ሞ ቅኑዕ ድዩ?
    - "ባዕላ መውጽኢት ደርፌ፡ ባዕላ መጥፍኢት ደርፌ"
    - ምስ ህግደፍ ዝግበር ስምምዕ ዕደና ኣመልኪቱ ደሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ዘውጸኦ መግለጺ ኣብነታውን እዋናውን'ዩ።
    - ተዓዊትና 'ምበር ተሳዒርና፡ ልክዕ ኔርና 'ምበር ተጋጊና ዘይወጸ ምትኽኻብ።

E-mail:- hidemocrasi@yahoo.com

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ኣወንታዊ ውጽኢት ህጹጽ ኣኼባ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ብምዕቃብ፡ መድረኻዊ ዕማማቱ ንምዕዋት ዕቱብ ጻዕርታት ነካይድ።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ኣብ መስርሕ ሓድነታዊ ጉዕዞ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንብዙሓት ፖለቲካዊ ሓይልታት፣ ስቪካውያን ማሕበራት፣ መንእሰያት፣ ደቂ-ኣንስትዮን ምሁራንን ዝሓቖፈ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ኮይኑ ምቛሙ፡ ንገዛእ ርእሱ ሓደ ኣገዳሲ ስጉምቲ'ዩ።

እዚ ሰፊሕ ግንባር'ዚ ከም'ዚ ኢሉ ይቖም ደኣምበር፡ ካብ ኣመሰራርታኡ ኣትሒዙ ዘጋጠምዎ ዝተፈላለዩ ጸገማት፡ ኣብ ሕቶ ቅርጻ-ኣወዳድባኡ ይኹን ከምኡ'ውን ሕቶ መሪሕነቱ፡ ብዓቢኡ ንዕላማታቱ ክውስኑ ዝኽእሉ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ገምጋም፡ ኩነታት ሃገርና፡ ዞባናን ዓለምን ብመንጽር ደሞክራስያዊ ተጋድሎና እንታይ ይመስሉ ..ወዘተ ብዕምቆት ክድህሰስን ናብ ዝተጨበጠ ናይ ቃልሲ መሳርሒ (መካኒዝም) ክሰጋገርን ዘኽእሎ ስራሕ ናይ ውደብኡ ኣብ ዘይተመዓራረየሉ ኣብ መስርሕ ምስንዳእ ጉዕዞ ኮሚሽን ክስተኻኸሉ ዝግበኦም ሰነዳት ከይተስተኻኸሉ ከምዝኸዱ ዝፍለጥ'ዩ። እዚ ኣብ ጉዕዞኡ ዕንቅፋት ካብ ዝፈጠርሉ ረቛሒታት ሓደ'ዩ ኔሩ። እዚ ሓዲሽ ጽላል'ዚ፡ ነዞም ዝተገልጹን ካልኦት ጸገማትን ሓቝፉ ዝተበገሰ ይኹን ደኣምበር፡ ባይቶ ንባዕሉ ውሽጣዊ ውሁድ ህይወት እንተዝነብሮ፡ እዞም ሕጋዊ ጸገማትን ሃጓፋትን እዚኣቶም ክስገሩ ዘይኽእሉ ኣይነበሩን። ኮይኑ ግን ኣብ መስርሕ ጉዕዞኡ ኣብ ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ባይቶ ይኹን ኣብ 4ይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ዝተኸስቱ ጸገማት፡ ምስንዳእ 2ይ ጉባኤ ምስ ተጀመረ'ውን ኣብ መስርሕ ጉዕዞ ኣሰናዳኢት ሽማግለ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ትካላት፡ መሪሕነት ባይቶን ፈጻሚ ቤት ጽሕፈትን ከጋጥሙ ዝጸንሑ ዕንቅፋታት ብሓፈሻ እናተዋህለሉ'ዮም መጺኦም። ስለዚ ከኣ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ኣብ ደውታ ክኣቱ ዝተገደድሉ ኩነታት ከም ዝተኸስተ ዝፍለጥ'ዩ። እዚ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝጸንሐ ጸገማት፡ ተራ ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት'ውን ብሓደ ኣንፈትን ኣመራርሓን ንኽጎዓዝ፡ ኣብ ምሕጋዙ ይኹን ኣብ ምሕያሉ ሰጢሞም ኣብ ምስራሕ ዘይምብቃዕ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብኣንጻሩ ተበታቲኽካ ብዘዝመስለካ ምስራሕን ምምቕቓላትን ናቱ ኣሉታዊ ጽልዋ ከዕርፈሉ ግድን'ዩ።

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ነዚ ኩነታት'ዚ ብምግምጋም፡ ብመሰረት ሕገ-ህንጻ ባይቶ፡ ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ህጹጽ ኣኼባ ናይ ምጽዋዕ ዘለዎ መሰል ብምጥቃም፡ መላእ ኣባል ባይቶ ኣብ'ዚ ኣኼባ ክሳተፍ ብዝገበርዎ ጻውዒት ህጹጽ ኣኼባ ክጋባእ ተገይሩ። “ንኹሉ ዕንቅፋታት ሰጊርና 2ይ ሃገራዊ ጉባኤ ከነዐውት ኢና” ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ጭርሖ ካብ 15-20 ታሕሳስ 2014 ዝተኻየደ ህጹጽ ኣኼባ፡ ባይቶ ናብ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ከይሰጋገር ዘጋጠምዎ ዕንቅፋታት ብምልላይን መፍትሒታት ብምቕማጥን ብወሳኒ መልክዑ ዕማማቱ ብዓወት ዝዛዘመሉ ኣጋጣሚ'ዩ ኔይሩ። ኣኼባ በዚ ኣቢሉ ናብ ጉባኤ ዘሰጋግርዎ ቅርጻ ኣወዳድባ ክፈልን መድረኻዊ መደብ-ዕዮን ውሳኔታት ሒዙ ክወጽእን ቅርጡው ዝበለ ኣመራርሓን ኣሰናዳኢት ሽማግለን ብምርድዳእ ብምምራጽ፡ ካብ'ቲ ከጋጥሞ ዝጸንሐ ናይ ደውታን ምንቁልቋልን መስርሕ ክወጽእን ዳግም ኣብ ዝሓሸ ባይታ ክረግጽን ባይቶ ህላዌኡ ኣዕቍቡ ተስፋ ብዝህብ ጎደና ክጎዓዝን ዕቱብ ሓባራዊ ጻዕሪታትን ቃልስታትን ተኻይዱ።

እዚ ውጽኢት'ዚ በቲ ኣቐዲሙ፡ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ዝጸወዖ ናይ ምምኽኻር መድረኽ ሰሚናር ኣቢሉ፡ ባይቶ ከጋጥምዎ ዝጸንሑ ዕንቅፋታት፡ ካብ ኩሉ ኩርናዕ እናዳህሰሰ፡ እቲ ህጹጽ ኣኼባ ክሕዞ ዝግባእ ንጹር ኣጀንዳን ከመይነት ምምራሕ ኣኼባኡን ሕጋውነቱን ሒዝዎም ክወጽእ ዝግባእ ፍታሓት ኣብ ምእማት ብሓፈሻ፡ ናይ ኩሉ ኣባላት ባይቶ ብፍላይ ከኣ፡ ልዑል ተራ ፖለቲካዊ ውድባት ሓጋዚ ነይሩ። ልዕሊ ኩሉን ቅድሚ ኩሉ ከኣ፡ እቲ ዝዓበየ ጻዕሪ ድሕነት ባይቶን ቀጻልነቱን ምርግጋጽ ወሳኒ ምዃኑ፡ ብዝተኻእለ መጠን ኩሉ ኣባል ባይቶ ብልዑል ሓላፍነት ክዋሳእ ኣብ ምግባር፡ ብወሳንነት እቲ ህጹጽ ኣኼባ ብምርድዳእን ጽቡቕ መንፈስን ክዛዘም ኮይኑ። እዚ'ውን ኣብ ርእሲ'ቲ ኣብ ህጹጽ ኣኼባ ተራሓሒቑ ዝጸንሐ መንፈሳት ናይ ኣመራርሓ ኣብ ሓባራዊ ሕጋዊ መድረኽ ቀሪቡ ነጻ ርእይቶታቱ ከስምዕን ብፍላይ ከኣ፡ ምስ መሪሕነት ባይቶ ዝተኻየደ ዘይሕለል ልዝባትን ጻዕርታትን ዝረኸቦ ኣወንታዊ መልስታት፡ ኣኼበኛ ኣብ መድረኽ ምይይጥ ንኹሉ ሰሚዑ ናቱ ገምጋም ክገብርን ኣብ መጨረሻ ከኣ፡ ኩሎም መሪሕነታትን ኣቦ-መንበር ኣሰናዳኢትን ብፍቓዶም ካብ ሓላፍነት ክስሕቡን ዝተኸደ መስርሕ ወዘተ፡ እዚ ምስ'ቲ ኣብ ድሮ ህጹጽ ኣኼባ ዝተኻየደ ሰሚናር ተደማሚሩ፡ ኣብ'ቲ ውጽኢት ናይ ህጹጽ ኣኼባ፡ ናቱ ጥጡሕ ባይታ ዘንጸፈ ምንባሩ ክፍለጥ ይግባእ።

ከም'ዚ ዝኣመስለ ንድሕነት ባይቶን ቀጻልነቱን ትኹረት ኣብ ዝሃበ መድረኽ ህጹጽ ኣኼባ ምግባኡ፡ ባይቶ ምስ'ቲ ኣጋጢምዎ ዝጸንሐ ጸገማት ወድዓዊ ገምጋም ብምግባር፡ ነዚ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ'ዚ ዘገልግል ሓድሽ ቅርጻ ኣወዳድባን ቅርጡው ኣመራርሓን ዕማማቱን ናይ ኣሰናዳኢት መደባትን ኣወድድባን ኣብ ዝተመደበሉ ሓጺር ግዜ፡  ኣኼባ ሰነዳት ረቂቐም ከቕርቡን ክዛዘሙን ካብ ዝገበርዎ ረጃሒታት፡ ምስ'ቲ ኩሉ ነዚ ንምፍጻም ከይተሓላለኻ፡ ለይትን መዓልት ዝተኻየዱ ጻዕርታት፡ እዚ ልዑል ናይ ሓላፍነት መንፈስ'ዚ'ውን ሓደ ሓጋዚ ረጃሒ'ዩ ነይሩ።

ኣብ'ዚ ኩሎም ተሻረኽቲ ኣካላት ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ፖለቲካዊ ውድባት ብዝተኻእለ መጠን፡ ናቶም ኣገዳሲ ተራ ክጻወቱ ዝገበርዎ ጻዕርታት ዋላ'ኳ ኣብ መስርሕ ሓደ ሓደ ዘጋጥሙ ሕጽረታት እንተነበሩ፡ ብወሳንነት ግን ተወሃሂዶም ክሰርሑ ኣብ ዝገበርዎ ናይ ምቅርራብ መንፈሳት ኣወንታዊ'ዩ ነይሩ። ህጹጽ ኣኼባ ብኸም'ዚ ዝኣመሰለ ኣገባብ ብኣወንታ ክዛዘም ካብ ዝገበርዎ ረጃሒታት፡ ልዑል ናይ ሓላፍነት መንፈስ ናይ ኩሎም ኣባላት ባይቶ፡ ምስ'ቲ ዝተመደበ ግዜ ብምቅድዳም ዝፈጸምዎ ይኹን ደኣምበር፡ ብናይ ባይቶ ውሳኔ ሓደ ሓደ ውጽኢታዊ ክኾኑ ተባሂሎም ዝተሓገጉ፡ ቀይድታትን ውሳኔታትን ኣቐዲሞም ብደቂቕ ዘይተዳህሰሱን ዓሚቕ ክትዕ ዘይተኻየደሎምን ኣብ ገለ ገለ ውጽኢታት ናቶም ኣሉታዊ ጽልዋ ከዕርፉ ግን ጌሮም'ዮም።

ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ከም'ዚ ኢሉ ብመንገዲ ህጹጽ ኣኼባ ባይቶ ኣቢሉ ካብ ዘጋጠሞ ቅልውላው ወጺኡ፡ ንቐድሚት ክስጉም ዘኽእልዎ መደባትን ውሳኔታትን ሒዙ ዝወጸ ይኹን ደኣምበር፡ ሕጂ'ውን ኣብ ቅድሚኡ ዘለው ብደሆታት ኣቃሊልካ ዝረኣዩ ኣይኮኑን። ንዝተረጋገጹ መኸሰባት ናይ'ዚ ኣኼባ'ዚ ብምዕቃብ፡ ሕሉፋት ጌጋታት ከይድገሙን ንድሕሪት ናይ ምምላስ ክስተት ከየጋጥምን ነቲ ብሩህ መጻኢ ተስፋ፡ ኣብ ባይታ ክውን ዘግብርን ንቕድሚት ዘመርሽን ኩሎም ጥበባት ተጠቒምካ፡ ብልዑል ጥንቃቐን ሓላፍነታዊ ኣገባብን ንኹሉ ኣሳታፍን ሓቛፍን ዝኾነ ውሁድ ሓባራዊ ንጥፈታትን ምንቅስቓሳትን ዘድሊ ምዃኑ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ምውሳእ የድሊ።

ብፍላይ ከኣ ኣብ ሓባራዊ ናይ ስራሕ ባህልን ልምድን ተመክሮታት ዝተፈላለዩ ባህሪያትን ጠባያትን ዝህልዎም ኣካላት፡ ካብ ዝተፈላለዩ ድሕረ ባይታ ናይ ዝመጹን ዝተፈላለዩ ዝንባሌታት ናይ ዝሓቖፈ ሰፊሕ ሓበራዊ ግንባር፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ኩሉ ልዑል ስጥመት ንምርግጋጽ፡ ናይ ገዛእ ርእሱ ገለ ዝተወሰነ ግዝያት ዝሓትት ብምዃኑ፡ ነዚ ኣብ ጸብጻብ ዘእተወ  ነቲ ኣመራርሓታት ይኹኑ ኣሰናዳኢት ሽማግለ፡ ካብ ኩሉ ግዱስ ኣካል ሃናጺ ምኽሪታትን ምድግጋፋትን ከም ዘድልዮም ክሰሓት የብሉን።

እቲ ጽቡቕ  ወሳኒ ዕማም ናይ'ዚ ህጹጽ ኣኼባ'ዚ፡ ማእከሉ  መድረኻዊ ዕማማት ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ምዕዋት ጥራሕን ጥራሕን ዝዓለመ ምዃኑ'ዩ። ባይቶ ሕጂ ካብ'ዚ ዝተወሰነ መደብ'ዚ ወጻኢ ካልእ ዕማም የብሉን። ስለዝኾነ ከኣ ኣመራርሓኡን ኣሰናዳኢቱን ኩሎም ነናቶም ዕማም ዘለዎም ይኹኑ ደኣምበር፡ ነዚ ሓጺር ግዜ'ዚ ከም ሓይሊ ዕማም /Task Force/ ተወሃሂዶም እናተደማመጹን እናተደጋገፉን ክሰርሑ'ዩ ዘለዎም።  ኣባላት ባይቶ ዝኾኑ ኩሎም መሻርኽቲ ኣካላቱ፡ ማለት ፖለቲካዊ ውድባት፣ ስቪክ ማሕበረ-ሰባት፣ምሁራን፣ ደቂ-ኣንስትዮ፣ መንእሰያት፡ ቀንዲ ትኹረቶም ምዕዋት ጉባኤ ምዃኑ ብኣንፈት ደረጃ ተታሒዙ፡ እዚ ታሪኻዊ ዕማም'ዚ ኣብ ዝተመደበሉ ግዜ፡ ኣብ ፍጻሜ ክበጽሕ ብተወፋይነትን ጽንዓትን ምርብራብ የድሊ።

ልዕሊ ኩሉን ቅድሚ ኩሉን ከኣ፡ ኣባላት ባይቶ ዝኾኑ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ናይ'ቲ ኣብ ህጹጹ ኣኼባ ብስምምዕ ዝተመርጸ ኣመራርሓን ኣሰናዳኢትን ክህልዎ ንዝኽእል  ናይ በዓል ቤታዊ  ሓይሊ ዓቕሚ ሰብ ድሩትነት ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፡ ኣብ ኩሉ ዝዋሳኣሎም መድረኻዊ ዕማማት፡ ምስንዳእ መጽናዕታዊ ጽሑፋት /ሰነዳት/ ናይ ጉባኤ፡ ኣብ ዜናዊ፣ ዲፕሎማስያዊ፣ ህዝባዊ ስራሓት፡ ዘተታት .ወዘተ ዝኣመሰሉ ብቑዕ ሓይሊ ዓቕሚ ሰብ ዝሓትት ስራሓት ንምምላእ፡ ኩሉ በብከበርክቶ ዝኽእል መዳያት ዋላ ውሱን ዓቕምን ግዜን ይኹን ብዘየገድስ፡ እናተሓጋገዘ ኣብ ክዓሞ ዝኽእለሉ መደባት ምስ መሪሕነት እናተላዘበ፡ ኢደይ ኢድካ ኢሉ ነቲ ክካየድ ዘለዎ ጽፉፍ ቅድመ ምድላዋት ኣብ ምስላጥ ዓቢ ሓላፍነት ክስከም ይህልዎ። ብርግጽ ፖለቲካዊ ውድባት፡ ከም ናይ ቀረባን ርሑቕን ዕላማታት ዝተሓንገጡ መጠን፡ ገለ ገሊኦም ኣብ መድረኻዊ ዕማማት ዘይኮነስ፡ ኣብ ናይ ርሑቕ ዕማማትን ኣብ ሓደ ሓደ ፖሊሲታትን ፍልልያት ክህልዎም ዝኽእል'ኳ እንተኾነ፡ እዞም ፍልልያት እዚኣቶም ብመድረኽ ኣንጻር ከም ፍልልይ ተመሓዲሮም ንእዋናዊ ጸላኢና ስርዓት ህግደፍ ንምውጋድን ሰላምን ደሞክራስን ንምስፋንን ኣብ ዝግበር ተጋድሎ፡ ኩሉ ዓቕሚታት ኣብ ክሊ ሓደ ልፍንታዊ ግንባር ተሓቚፉ ሓቢሩ ክቃለስ ይጽንሓለይ ዘይበሃል፡ ህጹጽ ናይ ኩሉ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝቃለስ ግዱስ ሃገራዊ ዕማም ክኸውን ይግባእ።

ንጽፉፍ ቅድመ ምድላዋት ናብ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ንምብጻሕ ዝውስኑ ረጃሒታት፡ ሕሉፍ ኣሉታዊ ተመክሮታት ብዘይደግም መንገዲ፡ ኣቐዲሞም ኣብ ኩሎም ተሻረኽቲ ኣካላት ባይቶ ተመዓራርዮም ዝቐርቡ ሰነዳት ጉባኤ፡ ረቒቕምን

ተጻፊፎምን ክቐርቡ እኹል ግዜ ረኺቦም ንምይይጥ ክወርዱን ሕቶ ከመይነት ናይ ኣመራርሓኡን ኣቕዲሙ ልዝባት ተኻይድሉ፡ ብምርድዳእ ናይ መጨረሽታ መልክዑ ሒዙ ክቐርብ ምግባር ንዓወት ጉባኤ ወሳኒ'ዩ። ጉባኤ ሕጋዊ መደምደምታ ዝግበረሉ ደኣምበር፡ ናይ ዘይተወስኑ ኣጀንዳታትን ዘይተወደበ ሕቶ መሪሕነትን መዋጠጢ ክኸውን ኣይግባእን። ኣብ ዘይመሰረታውን ዘይመትከላውን ፍልልያት ሕድገታት እናገበርካ፡ ነቲ እዋናዊ ሓባራዊ ዛዕባታትን ሃገራዊ መቕሚያታትን ምጥንኻር። እዚኦም ንቕድሚት ጎሊሆም ክወጹ፡ ሓፋሽ ኣብ ዙርያ እዞም ደሞክራስያዊ ዕላማታት ባይቶ ጠጠው ክብል ብምግባር፡ መድረኻዊ ዕማማቱ ንምዕዋት ዕቱብ ጻዕርታት ይሓተና  ምህላው ክዝንጋዕ ኣይግባእን።

ስለዝኾነ ኩሉ ብዘይተጎላባነት ብተወፋይነት ተረባሪቡ ከረጋግጾ እንተኽኢሉ ጥራሕ ከኣ'ዩ፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ፡ ሓድነቱ ኣዕቂቡ ብሓደ ኣንፈት ዝምራሕ ሓያል ወቓዒ ሓይሊ ዝኸውን።  ከምኡ ምስ ገብር'ዩ እወ፡ ንጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ምምካት፡ ብቑዕ መሳርሒ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ኮይኑ፡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን ኣብ ምድሓን ዕዙዝ ተራኡ ክጻወት ዝኽእል። ብፍላይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ብሓባር ተወሃሂዶም፡ እዚ ጉዕዞ'ዚ መኣዝኑ ከይሰሓተ ሸቶኡ ክወቅዕ፡ ኣብ ኩሎም መሰረታዊ ጉዳያት ሓባራዊ ዕቱብ ልዝባትን ምይይጣትን ብምክያድ፡ ቅድሚ ዝኣገረ ሓባራዊ ኣገንዝቦታት ክተሓዘሎም ጻዕርታቶም ከሐይሉ ይግባ

## ስደት-ከም ተርእዮን ብደሆታቱን

"ስደት" ዝብል ቃል፡ ብዛዕባ ምርሕራሕ፣ ፈጨው ኢልካ ምጥፋእ ወይ ክትጠፍእ ምድላይ፣ ምርሓቕ ዘመልክት'ዩ። እቲ እትርሕረሖ ፈጨው ኢልካ ክትርሕቀሉ ክትጠፍኣሉ ትዳሊ፡ መዳሕንትኻ ዝተቐብረሉ፣ ቤት-መረበትካ፡ ዓደቦኻን ዓዲ እኖኻን'ዩ። ብሓፈሽኡ ስደት 'ምበኣር፡ ቃሕታ፡ ሃረርታ፡ ምርጫ ናይ'ቲ ካብ መረበቱ ዝርሕቕ ዘሎ ሰብ ወይ ሰባት ዘይኮነስ፡ ብዘይ ሰሓቕን ዓጀባን  ተገዲድካ ትኣትዎ ኩነት ሃለዋት'ዩ።  "ስደት" ከም ተርእዮ፡ ኣብ ልዕሌኻ ዝስግደድ ሓያል ረቛሒ'ዩ።  ቅድሚ ባህሪያት ናይ'ዚ ተርእዮ'ዚ ብዝርዝር ምርኣይና ግን "ስደት" ክንብል እንከለና ንመን ዘውክል'ዩ ንምንጻር ክንፍትን። ስደት ክልተን ልዕሊኡን ትርጉም ክህልዎ ይኽእል'ዩ።  ምኽንያቱ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝግበር ምዝንባል ኣሎ። ናብ ወጻኢ ማለት ስግረ-ዶብ ስግረ-ባሕሪ ዝግበር ስደት ኣሎ። እቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝግበር ምምዝባል ዘቤታዊ ክበሃል እንከሎ፡ ዜጋታት እታ ሃገር ዝገብርዎ ናይ ስራሕን መንበሪ ቦታን ምልዋጥ ወይ ምቕያር'ዩ። እዚ ከም'ዚ ዓይነት ምምዝባላት ዘጋጥም፡ መብዛሕቲኡ ግዜ፡ ስእነት ሰላምን ዝተመዓራረየ ልምዓትን ኣብ ዘይብሉ ኩነታት'ዩ።

ኣብ'ዚ ከም ኣብነት ኢጣልያ ክትጥቀስ ትኽእል። እታ ሃገር ሰሜን ዞባ እንዳስትሪ፡ ደቡብ ሕርሻዊ ዞባ ዝብል ቁጠባዊ ኣቋውማ ዘለዋ ኮይና፡ ኣብ'ቲ ብሕርሻ ዝደኸየ ሸነኽ ደቡብ ዝነብሩ ሲቺሊያውያን ናፖሊታውያን ..ወዘተ መበቆል ዓድታቶም ለቒቖም ናብ'ቲ ዝሓሸ ናይ ስራሕ ዕድላት ዝርከቦ ኣብ ሰሜን ዝርከብ ዞባ እንዳስትሪ፡ ማለት ከም በዓል ፌያት፡ ኣልፋ ሮማዮን ካልኦት ዓበይቲ ትካላትን ዘለውዎ ቦታ ይኸዱ። ኣብ እስጳኛ'ውን ብተመሳሳሊ ነበርቲ ዓንዳሉዚያን ኣስቱርየን ዝተረፉ ዞባታትን እታ ሃገር፡ ስራሕ ንምድላይ ናብ'ተን ከም በዓል ማድሪድ፡ ባርሶሎና፡ ሰቪያ ..ወዘተ ዝኣመሰላ ቦታታት ይውሕዙ።  እንግሊዛውያን'ውን ናብ ከም በዓል ለንደንን ብራይተንን የምርሑ። እዚ ብሓውሲ ድሌት ዝፍጸም ወይ ዝትግበር'ዩ። እቲ ኣብ ገዛእ ነብስናን ኣብ ቀረባና ዝርከባ ሃገራትን ንፈልጦ፡  ሰብ ዝሰርሖ ኩናትን ባህሪያዊ ምዝባዕ ኣየር ዘምጽኦ ደርቅን  ዘስዕቦ ጥሜትን ዓጸቦን ዝመበገሲኡ ምምዝባል ግን ተገዲድካ እታትዎ ዘቤታዊ ስደት'ዩ።

ስደት ብቐንዱ ግን፡ ካብ ሃገርካ ወጻኢ ዶባት ኣቋሪጽካ፡ ባሕርን ውቅያኖሳትን ሰጊርካ እትኸዶ'ዩ። ማእከል ናይ'ዚ ቴማ ድማ እዚ'ዩ። እዚ ከም'ዚ ዝበለ ስደት ብዝሸፍኖ ጂኦግራፊያዊ ርሕቀት፡ ሱር ጽንኩርነቱ ሓደገኝነቱ ካብ'ቲ ዘቤታዊ ምፍንቓል ወይ ስደት ኣዝዩ ዝኸበደ'ዩ። ነዚ ከም'ዚ ዓይነት ስደት ናይ ጥንትን ናይ እዋናን ኢልካ ምርኣይ'ውን ይከኣል። ምኽንያቱ ስደት ከም ናይ ህዝብታት፡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ፣ ካብ ሃገር ናብ ሃገር፣ ካብ ሓደ ክፍለ ዓለም ናብ ካልእ ክፍለ-ዓለም ዝግበር  ምንቅስቓስ መጠን፡ ኣሽሓት ዓመታት ዘቑጸረ ስለ ዝኾነ። ኣብ'ዛ እንነብረላ ዘለና ምድሪ ግን ወዲ-ሰብ ጥራሕ ኣይኮነን ዝስደድ። እንስሳ ዘገዳም'ውን ይስደዱ'ዮም። ንኣብነት ኣብ ግዜ ነቕጺ ወይ ደርቂ ካብ በረኻታት ኬንያ ብጽምኢ ማይን ጥሜትን ተጠቒዕም ናብ በረኻታት ታንዛኒያ ብዕስለ ዝስደዱ፡ ኣናብስ፣ ዓጋዘን፣ ነብሪ፣ ኣድጊ በረኻ፣ ሓርሽ ..ወዘተ  ብዓይኒና ርኢና ወይ ብማዕከናት ዜና ሰሚዕናን ተዓዚብናን ክንከውን ንኽእል ኢና።  ፈረንሳውያን ናብ ሰሜን ኣፍሪቃ ግዒዞም። ኤውሮጳውያን ናብ ኣመሪካ፡ ኣውስትራሊያ ሰጊሮም። እቲ መዋእል'ቲ ድሩት ፖለቲካዊ ኣፍልጦ፡ ብኣንጻሩ ብዙሕ ዘይተጻባእነት ዝነበረሉ'ዩ።

ሎሚ ግን ከምኡ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ሎሚ ቅድሚ ሰብኣውነትን ሰብኣዊ ርህራሄን ዝመጽእ፡ "ሃገር"፡ "ልዑላውነት"፡ "ዶብ" ዝብል'ዩ። ሃገረይ፣ ልዑላውነተይ፣ ዶባተይ፣ መንነተይ፣ ዜጋታተይ ዝብል ኣረኣእያ'ዩ ዝዕብልል ዘጸቅጥ። ወዲ-ዓደይ ፣ ወዲ-ሃገረይ፣ ዘይወዲ ዓደይ፡ ዘይወዲ ሃገረይ፡ ከይቃጸጸኒ ከየጻብበለይ፡ ከይ ውደኣለይ ዝሰረቱ ሕሉፍ ስሰዐ ዝገዝኦ'ዩ። ብሓጺሩ ዋና ሃገር እንተደልየ ይቕበለካ የንብረካ፡ ኣየደለይን ኣይቕበለካን ኣየንብረካን። እወ ሎሚ ዘይ ከም ቀደም ዓዓድኻ መመረበትካ'ያ። እዚ እምነት'ዚ ድማ ብሕግን ሕጋጋትን ዝግዛእ'ዩ። ናይ ሎሚ ስደት ከኣ ናይ ቁጠባን ናይ ፖለቲካን ተባሂሉ ኣብ ክልተ ዝተኸፍለ'ዩ። ሳልሳይ መማረጺ የብሉን።

**ኣብ ኤርትራ ተኸሲቱ ዘሎ ሃጽ ኢልካ ምስዓድን ፈተነታቱን፡** ኤርትራ ኣብ'ዞም ዝሓለፉ ኣስታት 24 ዓመታት ከም ሃገር ርግኣት ኣይረኸበትን። ህዝባ ክቐስን ኣይከኣለን። ጠንቂ ናይ'ዚ ኩሉ ከልበትበት ዝበዝሖ ዘይርጉእ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ህይወት ከኣ፡ ስርዓት ህግደፍ ብመደብ ኮነ ኢሉ ዝተኸተሎ ዘይ ህዝባውን ዘይ ሕጋውን ገባትን ዓፋንን ፖሊሲ ውጽኢት'ዩ። ከምኡ እንተዘይኸውን ኔሩ፡ ሎሚ ዘመነ ኦሪት ተረኺቡለይ ኤርትራ ብሕርሻ ድዩ ብመጓሳ፡ ብምግፋፍ ዓሳ ድዩ ብንግዲ ዜጋታታ ምምጋብ ኣይምሰኣነትን። እዚ ኣብ ኤርትራውያን ዝረአ ዘሎ እግርኻ ብዝመርሐካ ኣርሒቕካ ክትስደድ ምድላይ ብኩለንተንኡ ፖለቲካዊ ሽግር'ዩ። ስለዚ ምኽንያት ስደት ኤርትራውያንን ሳዕበናቱን ብቐንዱ ቁጠባዊ ዘይኮነ፡ ፖለቲካዊ ጭቆናን ምኻኑ ብግቡእ ምርዳእ የድሊ። እቲ ጠንቂ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ፖለቲካዊ ጭቆናን ኣድላዊ ምሕደራን ዝወለዶ'ዩ። ደላዩ ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለም'ውን በዚ'ዩ ዘንብቦን ዝርደኦን። ህዝቢ ዝቆጻጸሮ ርጉእ ፖለቲካዊ ምሕደራ ኣብ ዘለወሉ ዝፍጠር ቁጠባዊ ጸገማት፡ ቅኑዕ ናይ ልምዓት ፖሊሲታት ብምቕራጽን ተሳትፎ ህዝቢ ብምርግጋጽን ኣብ ውሽጥኻ ትፈትሖ ግዝያዊ ጸገም 'ምበር፡ ካብ መረበትካ ሃጽ ኢልካ ክትስደድ ዝዕድም ኣይኮነን።

ጉጅለ ህግደፍ ከም ገባቲን ዓፋንን ባህሪ ዘውንን ጸረ-ህዝቢ ስርዓት መጠን፡ ፖለቲካ ኤርትራ ብኸም'ዚ ዘለዎን ካብኡ ብዝኸፋኣን እንናተሓመሰ ክነብር'ዩ ድሌቱ። ኣብ መፍትሒኡ መሰረት ጌሩ ክዛረብ ድሌቱ ኣይኮነን። ምናልባት ተዛሪበ እንተ ኢሉ፡ ኣብ ኤርትራ ፖለቲካዊ ኮነ ቁጠባዊ ጸገም ዝበሃል የለን፡ ዝብል ውጹእ ናይ ክሕደት ቃል ካብ ምሃብ ሓሊፉ ካልእ ዝብሎ የብሉን። ያኢ ኣብ ኤርትራ ርጉእ ሰላም ከም ዘሎ፡ ዜጋታት ብሰንኪ ምሕደራኡ ሃገር ገዲፎም ክወጹ ኣብ ዝፍትንሉ፡ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ሓቂ መታን ከይፈልጥ፡ ኣብ ዶባት ሰራዊት ኣዋፊሩ ብተመልከተለይ ተኵሲ ክቕተሉ ይገብር። ከም ጥሪትን ንብረትን ከም ዝሸየጡ ይተሓባበር የተሓባበር። ካብ ቁጽጽሩ ርሒቖም ከም ናይ በዓል መቕዘፍቲ ላምፐዱዛ ዓይነት ሓደጋታት እንከጋጥም ድማ፡ ብርኡይ የሸካዕልል። ብሞት እቶም ዕሸላት ፕሮፖጋንዳዊ ጎስጓሳት ከካይድ ይረአ። ወይ ድማ ሰሚዑ ከምዘይሰምዐ፡ ርእዩ ከምዘይራእየ፡ ከም ዘይናቱ ከም ዘይምልከቶ ሓቂ ደፊኑ ነቲ ሓዘን ስድራ-ቤታት ዝኾነ ሃገራዊ ሓዘን ብግልባጡ ከቃልሕ ይስማዕ።

**ንመሰልካ ትዋደቐሉ'ዶ ወይ ትጠዓሰሉ፦** ቅድም ቀዳድም ሓደ ስደተኛ ክፈልጦ ዘለዎ ጉዳይ ኣሎ። ካብ ሃገሩ ናብ ካልእ ሃገር ክኣቱ እንከሎ፡ ዕላምኡ ንጹርን ህይወቱ ኣብ ሓደጋ ከይወድቕ ውሕስነት ዝረኽበሉ ኣገባብን ዝተኸተለ ክኸውን ኣለዎ። ቤት ጽሕፈት ላዕለዋይ ኮሚሽኔር ኣብ ጉዳይ ስደተኛታት፡ ንፍልሰት ኤርትራውያን ኣመልኪቱ ካብ ጀኔቭ ዝዘርገሖ መግለጺ ከም'ዚ ይብል፡ ኤርትራውያን ካብ ሃገሮም ሃጽ ኢሎም ኣርሒቖም ዝስደዱ ዘለው፡ ኣብ ሃገሮም ናይ ዘሎ ስርዓት መንነት መግለጺ'ዩ። ስለዚ ከኣ ኣብ ውሕስነት ዘለወን ሃገራት በጺሖም ፖለቲካ ዕቑባ ረኺቦም ብቅሳነት ንምንባር'ዩ። ኤርትራውያን ስደተኛታት ናይ ፖለቲካ ስደተኛታት'ዮም ይብል። ነዚ ስደተኛታትና ብግቡእ ክግንዘብዎን ክጥቀምሉን ይግባእ።

ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ጠንቂ ስደቶም ህግደፍ ምኳኑ ዋላ ንሓንቲ ካልኢት ክደናገሩ የብሎምን። ስርዓት ህግደፍ ነባሪ ኣይኮነን። ስደት'ውን መሰረታዊ መፍትሒ ከምዘይኮነ ምርዳእ ከድልዮም'ዩ። ካብ ኩሉ ዝኸፍአ ድማ ባሕርን ጻሕርን ኢልካ፡ ዝኽፈል ከፊልካ፡ ብመንነ ህይወትን ሕየትን ሰጊርካ ትንፋስ ምስ ረኸብካ፡ ፈወሲ ከም ዝተገብረሉ ናብ ደመኛ ጸላኢኻ ጽግዕግዕ ምባል፡ ህዝቢ ባዕሉ ይፈልጥ፡ ሃገር ባዕላ ትፈልጥ ኢልካ ብውልቀኻ ጥራሕ ምሕሳብ ክእረም ዘለዎ መሰረታዊ ጌጋ ምኻኑ ምስትብሃል ከድልዮ'ዩ። እንታይ ስለ ዝገበረካ ናይ ጣዕሳ ፎርም መሊእካ ይቕረታ ትሓትት? እዚ ኣካይዳ'ዚ ኣየዋጽእን። ኣየናብርን። ነቲ ጎራሕ ጎራሕ ከም ዘለዎ ምርዳእ'ውን ብስለት'ዩ። እቶም ንኸዶም ዘለና ህዝብታትን ሃገራትን ክንዲ ዝኾነ ንሰብኣውነት ጠመተ ይሃቡ፡ ስደተኛታት ዝመምይሉ ዝቕበልሉ ሕጊ ኣለዎም መምዘኒታት ኣለዎም። መን ኢኻ፡ ስለምንታይ ዕቑባ ሓቲትካ፡ ናይ ዕቑባ ውሕስነት ምስ ረኸብካ ምስ መን ትራኸብን ናበይ ትንቀሳቐስ መቆጻጸሪ ኣለዎም። ድሮ ነቲ ገለ ዘይሓላፍነታውያን ኤርትራውያን ስደተኛታት ዝወስድዎ ዘለው፡ ምስ ህግደፍ ምጽግጋዕ በጺሐሞስ መንፌት ጌሮም ክመምይዎ ንጥፈታት ጀሚሮም ኣለው። ስለዚ "ንተበላጺ ለባም፡ ሕልፍ ዝበለ ቅኑዕ ለባም" ከም ዘለዎ ዘይምዝንጋዕ። ነብስና ካብ ነታልል፡ ኣብ ምውጋድ ጠንቂ ስደትና ዝኾነ እንኮ-ሰባዊ ስርዓት ህግደፍ ንተሓባበር፡ ንረባረብ። ከርሰ-ነገር ናይ ጸገምና ሰላም፡ ደሞክራሲ፡ ፍትሒ ምስኣን'ዩ። እዚ ድማ ብቓልሲ ጥራሕ'ዩ ዝምለስ። መንገዲ ተጋድሎ፡ ቃልስን ጸበባን ጸሊእካ ኣብ ዝብጻሕ የልቦን። ባዕልኻ ኣብ ምሕረት ጸላኢኻ ምውዳቕ ድማ ምንባር ዘይኮነስ፡ ክልተ ሞት'ዩ። ስለዚ ሓሓሊፉ ብገለ ውልቀ ሰባት ዝረአ፡ "ተሓጺብካ ናብ ጭቃ" ከም ዝበሃል ንነብስኻ ከም ናይ ቁጠባ ስደተኛ ቆጺርካ፡ ተመሊስካ ኣብ ቤት ጽሕፈት ናይ'ቲ በላዒ ሰብ ዝኾነ ስርዓት ሕልኽልኽ ምባል፡ ዓገብ ክበሃል ዘለዎ ነብሰ ሕስረት'ዩ።

## ብባህጊ፡ ህልቂትን ዕንወትን ዝዕወት ዕላማ የለን!

ኣብ ሓደ ደርባዊ ሕብረተ-ሰብ ዝተፈላለየ ናይ ኣተሓሳስባ፡ ረብሓን ስልጣንን ምፍሕፋሕ ክህሉ ባህርያዊ እዩ። ካብ'ዚ ባህርያዊ ወድዕነት እዚ ዝብገስ ድማ፡ ናይ ፖለቲካዊ ስልጣንን፡ ቁጠባዊ ረብሓን ፍልልይ ዝፈጥርዎ ጎንጺ ንምፍታሕ ክባሃል ቃልሲ ክካየድ ግድን እዩ። እዚ ከኣ ገዛእቲ ደርብታት ብዝጨበጥዎ ፖለቲካዊ ስልጣንን ዝውንንዎም ናይ ጭቆናን ዓፈናን ትካላት ብምጥቃም፡ ዕድመ ፖለቲካዊ ስልጣኖም ንምንዋሕ ክብሉ፡ ኣብ ልዕሊ ውጹዓት ህዝብታት ፖለቲካዊ ጭቆና፣ ቁጠባዊ ምዝመዛ፣ ጸጥታዊ ዓፈናን ኣድልዎን የካይዱ። መዘና ዘይብሉ ህልቂትን ዕንወትን ድማ የውርዱ። በቲ ካልእ ገጽ ድማ፡ ውጹዓት፡ ሰላም፣ ደሞክራስን ብምስፋን ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰሎም ብምርግጋጽ፡ ቁጠባዊ ረብሓ ንምርካብ ክብሉ ቃልሲ ከካይዱ ግድን ይኸውን።

ኣብ መንጎ ገዛእቲ ደርብታትን ውጹዓት ክፍልታት ሕብረተ-ሰብን ቃልሲ ኣብ ዝካየደሉ መስርሕ፡ ካብ ባዕላውን ወድዓውን፡ ጸገማት ዝብገሱ ከበድቲ ብደሆታት የጋጥሙ 'ዮም። ገለ ካብኣቶም፡ እቲ ናይ ውጹዓት ቃልሲ፡ ቅኑዕ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ዕላማን ብቑዕ መሪሕ ውድብን እንተዘይረኺቡ፡ እቲ ቃልሲ ናብ ዝተማለአ ዓወት ክበጽሕ ኣይክእልን። ኣብ መንገዲ ክሰናኸል ወይ ብጽገናዊ ለውጢ ክዛዘም ይኽእል 'ዩ። በቲ ካልእ ገጽ ድማ እቲ ጨቋኒ መንግስቲ /ደርቢ/ ከም ጽግዕተኛ ስርዓት መጠን፡ ምስ ናይ ወጻኢ መሓዝቱን መወልቱን ሓይልታት ብምትእስሳር፡ ምእንቲ ጸቢብ ረብሕኡ ክብል ናይ ህዝብን ሃገርን ነጻነትን ልዕላውነትን ዝግህስ ሓደገኛ ኩነታት ክፈጥር ይኽእል እዩ። ከምዚ ዓይነት ተርእዮ ምስ ዘጋጥም ድማ፡ እቲ ውጹዓት ህዝብታት ዘካይድዎ ቃልሲ ንግዚኡ ክተሓላለኽ፡ ብዙሕ መስዋእቲ ክሓትትን ዓወቱ ክደናጎን ይኸውን። ካልእ ኣብ'ዚ ግዝያት'ዚ ብዘቤታውያን ይኹኑ ባዕዳውያን ጨፍለቕቲ ሓይልታት፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትን ናይ ሓርነት ቃልሶምን ዝፍጽምዎ በደላት ዘይንእስ ኣሉታዊ ተራ ዝጻወት ዘሎ፡ ናይ ግብረ-ሽበራውያን ኣዕናዊ ተግባራት'ዩ።

እቲ ብስም ምድምሳስ ግብረ-ሽበረውያን ዝግበር ወፍሪ፡ ንዕኡ ንምውጋድ ዘኽእል ኣብ ህዝቢ ሰፊሕ ፖለቲካዊ ጎስጓስ ከይገበርካ፡ ንኩሉ ነገር ብሓይልን ጕነጽን ጥራሕ ኣብ መዕልቦ ንምብጻሕ፡ ግብረ-ሽበራውያንን ንጹህ ህዝብን ብዘይፈሊ ብኣልማማ ምህራም፡ ትካላት ምዕናውን ደው ኢልካ ምሕሳብ ዘድልዮ'ዩ። ምኽንያቱ እዚ ከም'ዚ ዓይነት ጃምላዊ ዝመስል መጥቅዕቲ፡ ምንም ዘይፈልጡ ንጹሃን ሰባት ይጎድእ'ሞ፡ ኣብ'ቲ ህዝቢ ምረትን ጽልእን ክግንፍል ይገብር። እዚ ወድዕነት'ዚ ድማ ንግብረ-ሽበራውያን መሕብኢ ዝኸውን ባይታ ንክረኽቡ ዕድል ይፈጥር። ቅልቅል ውጥም እናበሉ ሽበራዊ ምንቅስቓሶም ከስፍሑ፡ ቀጻልነቶም ከውሕሱ ይሕግዝ። እቲ ሽበራዊ መጥቃዕቲ ናብ ሰፊሕ ቦታታትን ሃገራትን ከስፋፍሕ ከምዝድርኽ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኩርናዓት ዓለም ብጭብጢ ንዕዘቦ ዘለና'ዩ። ንኣብነት እቲ ብ2001 ኣብ ኣፍጋኒስታን "ምድሳስ ግብረ-ሽበራውያን" ዝብል ተጀሚሩ፡ ን13 ዓመታት ዝኣክል ዝተኻየደ ውግእ፡ ብዙሓት ካብ ዜጋታት እታ ሃገር፡ ሃሊቖም፣ ኣካሎም ጎዲሎም፣ ከቢድ ዕንወትን ምምዝባልን ኣብጺሑ። እቶም ንክድምሰሱ ሓያል ወፍሪ ዝተኻየደሎም ኣሸበርቲ ዝተባህሉ ኣካላት ግን፡ ካብ ግዝያዊ ምድኻም ሓሊፉ ንምድምሳሶም ኣይተኻእለን። ጣሊባን ይኹኑ ካልኦት፡ ብኣንጻሩ ኣብ'ቲ ግፍዕን በደልን ዝፈጠሮ ስምዒት ናይ ህዝቦም ክሕብኡን ክዓብዩን ዘኽእል ሰፊሕ ዕድል'ዮም ረኺቦም። እቲ ኣብ'ታ ሃገር ዝጸንሐ ውሽጣዊ ፍልልያት ድማ፡ ዝያዳ ክዓሙቑን ሱር ክሰድድን ኮይኑ።

ንምንታይ ግብረ-ሽበራን ኣሸባርትን ካበይ'ዩ ዝፍጠር? እንታይ'ዩ ሽ ትርጉሙ፡ ዕላምኡን ተግባራቱን ኣብ ሕብረተ-ሰብ? ብከመይከ ክምከትን ክሳዓርን ይኽእል? እንታይከ'ዩ መፍትሒኡ? ዝብሉ ኣገደስቲ ነጥብታት ምርኣይ ጠቓምቲ 'ዮም። ግብረ-ሽበራዊ ኣተሓሳስባ ዝፍጠር፡ ከም ኩሉ ዓይነት ናይ ውጹዓት ኣተሓሳስባታት ካብ'ቲ ሕብረተ-ሰብ ዘሕልፎ ከቢድ ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን ወጽዓታትን ወድዓዊ ኩነታት'ዩ ዝፍጠር። ብካልእ ኣገላልጻ ሕብረተ-ሰብኣዊ ወድዕነት ዝፈጥሮ ተርእዮ'ምበር፡ ካብ ዘየለ ነገር ዝብገስ ኣይኮነን። እንተኾነ ግን፡ ሕብረተ-ሰኣዊ ወድዕነት ዝፈጠሮ ይኹን ዳኣምበር፣ ተኸተልቲ ናይ'ዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ነቲ ናይ'ቲ ሕብረተ-ሰብ ኩሉ መዳያዊ ወድዓዊ በደላትን ጸገማትን ብፍትሓዊ ዓይኒ ብምርኣይ፡ ናብ ዝተጨበጠ ውጽኢት ከብጽሕ ዘኽእል ቅኑዕ ዕላማ፡ ስትራተጂን ስልትን ብምሕንጻጽ ስለዘይ ቃለሱ፡ ኣብ'ቲ ወድዓዊ ጸገማት ናይ'ቲ ጭቁን ሕብረተ-ሰብ ዝጭበጥ ፍታሕ ከምጽኡ ኣይረኣዩን። ናይ ካልኦት ህልውና፡ እምነትን ተሳትፎን ብወድዕነት ኣይኣምኑን። ንፍሉይ ዕላማኦም ንምዕዋት ዝጥቀምሉ እስትራተጅን ሜላን፡ ሓይልን ናይ ሓይሊ ስነ-ሞጎትን ጥራሕ'ዩ። ንእምነቶም ብሓይሊ ከረጋግጹን ግሩህ ሰዓቢ ክረኽቡን ሃይማኖታዊ ሽፋን ብምግባር፡ ኣብ ልዕሊ ሂወት ሰብን ንብረትን ትሕተ-ቅርጻን /መሰረተ-ልምዓት/ መዳርግቲ ዘይብሉ ዕንወት የብጽሑ። ብከም'ዚ ኣገባብ ብሕታዊ እምነቶም ከዐውቱ ዝብህጉን ብተግባር ዝነጥፉን ሕሉፋት 'ዮም። ዝኽተልዎ ኣገባብ ኩሉ ጸላእን ፈታውን ኣይፈልን። ኣብ ዝኾነ ቦታን ኩነታትን፣ ኣብ ግዜ ሓጐስን ሓዘንን፣ ኣብ ኣብያተ-እምነታት፣ ቤት-ትምህርትታት፣ኣብያተ-ዕዮን

መጓዓዝያን ካልኦትን ብኣልማማ ጭካነ ብዝመልኦ ኣገባብ ስለ ዝፍጽምዎ፡ ኣዝዩ መሪር ዘስካሕክሕን ናይ ጭካነ ተግባር'ዩ።

ብጥንቁቕ ኣገላልጻ ግብረ-ሽበራዊ ኣታሓሳስባን ኣሽበርትን እቲ ኣብ'ቲ ጭቁን ሕብረተ-ሰብ ዝሰፈነ ኩሉ-መዳያዊ መሪር ሂወት ዝፈጥሮም ወድዓዊ ኩነታት ይኹኑ ዳኣምበር፡ ብኣተሓሳስባን ተግባርን ዝኽተልዎ ኣገባብን ክምዘን እንከሎ ግን፡ ነቲ ኣብ'ቲ ሕብረተ-ሰብ ዝሰፈነ ጸገማት ንምፍታሕ ዘየኽእል፡ ብኣንጻሩ ካልእ መልክዕ ናይ'ቲ ጸገማት ዘቐጽል፡ ንውጽዓትን ደለይቲ ፍትሕን ዝኾኑ ናይ ዝኾነት ሃገር ህዝብታት ሽግሮም ኣብ ክንዲ ምቅላልን ምፍታሕን ብኣንጻሩ ክኸብድን እናተሓላለኸ ክቕጽል ዝገብር ልዑል ኣሉታዊ ተራ ኣብ ምጽዋት ዝነጥፍ'ዩ። ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ውጹዓት ሕብረተ-ሰብ ዓለም ብሓፈሻ፡ ኣብ ዝተወሰኑ ህዝብታትን ሃገራትን ድማ ብፍላይ፣ ካብ ጨቆንቲ ገዛእቲ ደርብታት ዝፍጽሙዎ በደላትን ዕንወትን ዘይንእስ፡ ኣስጋኢ ብደሆ ኮይኑ ዝዋሳእ ዘሎ ዓለማዊ ወድዓዊ ኣሉታዊ ተርእዮ'ዩ ክበሃል ዝካኣል።

እዚ ብስም "ሃይማኖታዊ ስርዓት ምትካል ካብ ናይ ባዕዲ ዘይቅኑዕ /ዘይቅዱስ/ ባህልታትን ስነ-ምግባርን ዝደሓነ ሂወት ክንመርሕ ኢና" ዝብልን፡ ፖለቲካዊ ስልጣን ንምርግጋጽ ብዝተፈላለየ ምስምሳት /ሽፋናት/ ዝግበሩ ዘይቅኑዓት ንጥፈታትን፡ ካብ'ቲ ዝኾነ እምነት፡ ሃይማኖትን ልምድታትን ዘቐምጦ ናይ ስነ-ምግባር ሕግን መምርሕን ወጻኢ: ናይ ካልኦት መሰረታዊ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት እናገሃስካ፣ ናይ ካልኦት እምነትን ባህልን ከተጥፍእ እናሓለንካ፣ ብሓይልን ጐነጽን ከተእምንን ሰዓቢ ከተፍርን ምፍታን፡ ፍጹም ዝካኣል ኣይኮነን። ብኣንጻሩ ናብ ኣዕናውን ዘይፍትሓውን ውግእ፡ ዘምርሕን'ዩ ዝኸውን። እቲ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ኣብ ከባቢና ኣብ ምብራቕ ፣ሰሜንን ምዕራብን ኣፍሪቃን፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕን ርሑቕ ምብራቕን ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝካየድ ዘሎ ኣዕናዊ ግርጭታት፡ ዘብጽሖ ዘሎ ኩሉ መዳያዊ በደላት ከም ጭቡጥ ኣብነት ክውሰድ ዝካኣል'ዩ። እዚ ከኣ ኣብ ነፍስ ወከፍ እተን ሃገራት ዝተፈጠረ ጭቆና፡ ምዝመዛን ኣድልዎን ንምፍታሕ ዝጠልብ ወድዓዊ ኩነታት ዝተፈጠሩ ናይ ግብረ ሽበራዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ኣካላት፡ ኣብ ገዛእ ህዝቦምን ከባቢኦምን ዘውርድዎ ዘለዉ ኩሉ መዳያዊ ህልቂትን ዕንወትን፡ ንመንነትን ተግባራትን፡ ናይ ግብረ-ሽበራውያን ህልውን መጻእን ሓደገኛነቱ ኣጉሊሑ ዘርኢ እዩ።

እዚ ሕሉፍ /ኣኽራሪ/ ኣረኣእያን ተግባራትን እዚ ነቶም ሓደ ዓይነት ሃይማኖታዊ እምነት ዝኽተሉ ሕብረተ-ሰብ ከይተረፈ ከም ቀንዲ ግዳይ እናገበረ ዝነጥፍ ስለ ዝኾነ፡ ንዘይቅንዕነቱን ሓደገኝነቱን ብጭቡጥ ዘረጋግጽ'ዩ። ኣሸበርቲ ግጉይ እምነቶምን ንዕኡ ንምዕዋት ክብሉ ዝኽተሉዎ ዓመጻዊ ኣገባብ ቃልስን ውጽኢቱ ንዝኾነ ኣካል ውጹዕ ሕብረተ-ሰብ ናይ ዝኾነት ሃገር ዘይጠቅምን ዘየገልግልን፣ብኣንጻሩ ዝጐድእን ዝርምስን'ዩ። ስለዚ፡ ብጨቆንቲ ሓይልታት /ደርብታት/ ኣብ ልዕሊ ጭቁናት ህዝብታት ንዝካየድ ዘሎ ኩሉ መዳያዊ ሕሰም ክኸብድን ክቕጽልን ኣብ ምግባር ወድዓዊ ኣሉታዊ ተራ ይጻወት ካብ ሃለወ ብከመይ'ዩ ክውገድ ዝኽእል ዝብል ነጥቢ ምርኣይ ኣገዳሲ'ዩ።

ግብረ ሽበራዊ ኣተሓሳሳባን ኣሸበርትን ኣሉታዊ ተግባራትምን ዝፈጥሮ ሓደጋታት ምምካትን ምውጋድን ዝካኣል፡ ብቐዳምነት ባህርን ዕላማን ናይ ኣመንቱን ኣሉታዊ ተግባራቶምን ንዝኾነ ህዝቢ ዘይጠቅምን ዘየገልገልን ምኻኑ ቅኑዕ ተረደኦ ክተሓዝ ምግባር እዩ። ካብ'ዚ ብምብጋስ ድማ ነቲ ጨካን ባህርን ኣዕናዊ ተግባራትን ካብ ምኹናን ዝሓለፈ፡ ኩሎም ኣብ ሰላምን ዕቤትን ረብሓ ዘለዎም፡ ብምትሕብባርን ምውዳብን ኣንጻር ኣሸበርትን ኩሉ መዳያዊ ኣዕናዊ ተግባራቶምን ብመስርሕ ዝዕወት ቃልሲ ምክያድን እዩ። ብመሰረቱ ኣሸባርነት ክውገድ ዝኽእል እቲ ንዕኡ ዝፈጠረ ናይ ጭቁናት ህዝብታት ኩሉ-መዳያዊ ጭቆናን ጸገማትን ዝሓቐፈ ወድዕነት ማሕበራዊ ፍትሒ ብምርግጋጽ ምውጋድ ምስ ዝካኣል'ዩ።

ስለ ዝኾነ፡ ናይ ውጹዓት ህዝብታትና ጭቆናን፡ በደላትን ንምፍታሕ ኣብ እንገብሮ ቃልሲ፡ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ዕላማን ተረደኦን ኣብ ህዝብታትና ምሉእ ኣፍልጦን እምነትን ክረክብ ዘይሕለል ፖለቲካዊ ቃልሲ ምክያድ የድሊ። ውጹዓት ህዝብታትና ከም ዋናታትን ወሰንትን ናይ ቃልሶም መጠን፡ ብንቕሓትን ብቕዓትን ክቃለሱ ምግባር፡ ቀንድን መሰረታውን ዋኒና ክኸውን ይግባእ። ኣብ ልዕሊ ግብረ-ሽበራን ኣሸበርትን ብከምዚ ኣገባብ መሰረት ዘይሓዘ፡ ካብ ሕሰምን ጽልኢትን ዝፍጠር ስምዒት ብምብጋስ ጥራሕ ኣንጻሮም ክትቃለስ ምፍታን ግን፡ ናይ መትለ-መታሉ /ናይ ግብረ-መልሲ/ ተግባራት ካብ ምኻን ዘይሓልፍ፡ ንነገራት ብወድዓውን ፍትሓውን ዓይኒ ዘይርኢ፡ ነቲ ናይ ጭቁናት ቃልሲ፡ ቅኑዕ እስትራተጅን ስልትን ዘየበርክት፣ ኣብ ተራ ናይ ሕነ ምፍዳይ ተግባራት ዝምርኮስ ስለ ዝኸውን፡ ዘይቅኑዕን ዘይዕወትን'ዩ ዝኸውን። ስለ ዝኾነ ኣብዚ መዳይ'ዚ ንቕሓትን ጥንቃቐን ዝመልኦ ኣገባብ ቃልሲ'ዩ ክካየድ ዝግባእ። ኣንጻር ግብረ-ሽበራውያን ዝግበር ናይ ሓይሊ ምጥቃም ውፍሪ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምንጋስ፡ ኣብ'ቲ ውጹዕ ሕብረተ-ሰብ መሰረታዊ ፍታሕ ንምምጻእ ዓሊሙ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ሕሉፋት ኣኽረርቲ ማእከሉ ዝገበረ ስጉምቲ ክውሰድ እንከሎ'ዩ ምሉእ ዓወት ዝኸውን 'ምበር፡ ነዚ ዕሽሽ ኢልካ ብዓመጽን ዓመጽን ጥራሕ ንምውጋዱ ዝሕለንሲ ካብ ግዝያዊ መዐገሲ ምግባር ሓሊፉ ዘላቒ መፍትሒ ኣይከውንን። መሊሱ ብዝተፈላለየ መልከዓት ክኽሰት'ዩ ዝኸውን።

# ናይ ኣንበብቲ ዓምዲ

## ለውጢ ኣብ ምምጻእ ግቡእካ ከይገበርካ፡ ብካልኦት ኣብ ዝመጸ ለውጢ ተረባሒ ምዃን'ሞ ቅኑዕ ድዩ?

ኣብ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ምምሕዳራዊ፣ ማሕበራዊ፣ ባህላዊ መዳያት ....ወዘተ ግደን ህላወን ምሁር ኣብ ኩሉ ሕብረተ-ሰብ ኣድላይን ኣገዳስን ምዃኑ ኣይተሓትትን። ምኽንያቱ ምሁር ዘይብሉ ሕብረተ-ሰብ መብራህቲ ከም ዘይብሉ ገዛ ስለዝኾነ፡ ኣድላይነት ትምህርትን ምሁርን ኣብ ኩሉ ዓውድታት ዘይስገር'ዩ። እንተኾነ ግን ምምሃር ወይ ምሁር ምዃን ብዘይ ህዝባዊ ተገዳስነት፣ ሓልዮት፣ ሓላፍነታዊ ኣረኣእያ ንበይኑ ትርጉሙ ኣይርደኣንን።

ነዚ መበገሲ ዝኾነኒ፡ ኣብ መጽሒት ህዝባዊ ደሞክራሲ፡ ቁጽሪ 3 ጥቕምቲ 2014፡ "ግደ ምሁር ኣብ ህዝባዊ ደሞክራሲ ተጋድሎ ህዝብታት ኤርትራ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ሰፊሩ ዘሎ ጽሑፍ ምስ ኣንበብኩ'ዩ። እቲ ጽሑፍ፡ "ምሁር ኣብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ከም ሓደ ቀጸላ ዝረአ ማሕበራዊ ክፍሊ'ዩ፡ ኣብዘሓ ክፋሉ ኣብ ደሞክራሲ ረብሓ ዘለዎ ኮይኑ፡ ምስ'ቶም ኣብ ደሞክራስያዊ ለውጢ ረብሓ ዘለዎም ክፍልታት ሕብረተ-ሰብ ዝውግን ኣገዳሲ ሰውራዊ ተራ ዝጻወት ሓይሊ'ዩ" ይብል።

ኣብ'ዚ ድማ'ዩ ሕቶ ዝፈጠረለይ። ህዝብታት ኤርትራ ሎሚ ኣብ ድቕድቕ ዝበለ ፖለቲካዊ ጸላም ተረግሪገምሉ ዘለው እዋን ምዃኑ ፍሉይ መረዳእታ ዘድልዮ ኣይኮነን። ካብ'ዚ ህግደፍ ዝፈጠሮ ፖለቲካዊ ጸልማት ንምውጻእ ድማ ቃልሲ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ይካየድ ኣሎ። ተሳትፎ ምሁራት ግን ኣይግድን። ግቡእ ምሁራዊ ተራኦም ዘበርክቱ ውሑዳት ከም ዘለው ከይዘንጋዕኩ፡ ዝበዝሑ ምሁራት ብፍላይ ኣብ ምዕራባውያን ደሞክራስያውያን ሃገራት ዝርከቡ ኤርትራውያን ምሁራት፡ ኣብ'ዚ ዝተጠቕስሰ መጽሔት'ውን ተገሊጹ ከም ዘሎ፡ ማእከላይ መርገጽ ወሲዶም፡ ብሕግን ብሕልናን ካብ ኤርትራዊ ሓይልዮት ነብሶም ኣግሊሎም ናይ ተዓዛባይነት ቦታ ሒዞም ኣለው እንተበልኩ ኣይተጋገኹን ወይ ኣየጋነንኩን። እሞ ምሁር ኮይንካ፡ ለውጢ ኣብ ምምጻእ ግቡእካ ከይገበርካ፡ ብካልኦት ኣብ ዝመጸ ለውጢ ተረባሒ ምዃን'ከ ቅኑዕ ድዩ? ኣብ እዋን ጸበባኡ ኣለኹ ዘይበልካዮ ህዝቢ፡ ኣብ እዋን ራህዋ ምሁር ውላድካየ ኢልካ ክትቀርቦ ኣየተዓዛዝብን ኣየተሓታትን'ዶ? ነዚ ኣገዳሲ ዛዕባ' ናይ ተዓዛባይ ቦታ ሒዞም ዘለው ኤርትራውያን ምሁራት ኣረኣእያኦም ኣስተኻኺሎም ብተግባር ክምልስዎ ዘለዎም ሕቶ'ዩ።

ተወልደ-ካብ ሱዳን

## "ባዕላ መውጽኢት ደርፊ፡ ባዕላ መጥፍኢት ደርፊ"

ጉዳመኛ መራሒ ህግደፍ ኣቶ ኢሳያስ ኣፈ-ወርቂ፡ ኩሉ መትንታት ሃገር ምስ ውሑዳት ደቀ-መዛሙርቱ ገቢቱ ሒዝዎ ክነሱ፡ ሕፍር ሕንክ ከይበለ፡ ሎሚ ዘመን'ውን ልክዕ ከም'ቶም ዝሓለፉ ዓመታት፡ ኣብ መስኮት ተለቪዥን ቀሪቡ፡ ከም'ዚ ክግበር ኔርዎ፡ ከም'ዚ መድለየ ኔሩ፡ ግን ኣበይ ኣሎ፡ ካበይ ይምጻእ፡ እናበለ ክምድር ሰሚዕና። "ኣናፍራ ቆቛሕ ዘይፈልጥ'ሲ ኣይሃዳናይን" ከም ዝበሃል፡ ባህሪኡ፣ ትዕቢቱ፣ ጥልመቱ፣ ጃህራኡ ንዝፈልጥ ዝበለ እንተበለ ኣይገርምን። እንተ 'ቶም ክሳብ ሎሚ መን ከማኻ ክብልዎ ዝጸንሑ ግን፡ ንመን'ዩ ማይ፣ መብራህቲ፣ ጽርግያ፣ ሕክምና፣ ገዛ፣ ደሞዝ ..ወዘተ የድሊ ኔሩ ኢሉ ዝሕብሮ ዘሎ? መን ከምጸኣሉ'ኸ ይጽበ ኣሎ ዝብል ሕቶ ከልዕሉን፡ ካብ'ቲ ደረቱ ዝሓለፎ ንዕቀቱ ገለ ትምህርቲ ክወስዱ ይግባእ።

ኣቶ ኢሳያስ ብ30 ታሕሳስ 2014 ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ፡ ብዘይካ'ቲ ነዚ ህዝቢ ነዛ ሃገር ከምዝን ከምዝን የድሊ ኔሩ ግን ካበይ ይምጻእ እንዳበለ ብህዝቢ ከላግጽ ምሕላኑ፡ ሀ. ቅዋም 1997 ሓንሳብን ንሓዋሩን ከም ዝሞተ፡ እንተኾነ ሎሚ'ውን ከም ኣመሉ ብስውሩን ብፍሉያት ሰባት ሓድሽ ቅዋም ይነድፍ ከም ዘሎ፣ ለ. ኣንፈት ምዕባለ እዛ ሃገር ድሕሪ ሰለስተ ኣርባዕተ ዓመታት እንታይ ከም ዝመስል፡ ድሕሪ ሓሙሽተ ወርሒ ምስተኸስተሉ ክሕብር ከም ዝኾነ፣ ሐ. 12 ክፍሊ ዝወድኡ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ኣብ መሳርዕ ሰራዊት ዘለው መንእሰያት፡ ብዘይ ዝኾነ ስራሕ ግዜኦም ኣብ ቀንፈዘው የሕልፍዎ ከም ዘለው፣ መ. ምህርቲ ሓረስቶት ብጸያቒቶ ማይ፡ ባልዕን ካልእን፡ ካብ ጠቕሚ ወጻኢ ኮይኑ ንዘጋጥም ክሳራ ከም ክሳራ ከም ዘይወስዶን ህዝቢ ዝበልዖ እንተ ሰኣነ ከም ዘይጭነቕ፣ ሰ. ዲፕሎማስያዊ ቛንቋ ክለማመድ ጎደቦና እናበለ ክገልጽ ምፍታኑ፡ ገለ ካብ'ቶም ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰዓት ዝወሰደ ቃለ-መጠይቑ ዘልዓሎም ፍሩያት ነጥብታት'ዮም።

ብመሰረቱ ግን ብናተይ ትዕዝብቲ፡ ኣቶ ኢሳያስ ከም መራሒ ሃገር ኣብ ሓድሽ ዓመት ናብ ህዝቢ ከመሓላልፎ ዘለዎ ቁም-ነገር ሓዘል መልእኽቲ ስለዝነበሮ ዘይኮነስ፡ ኣለኹ ንምባል ዝተጠቕመሉ ምኽኑ፣ ብኣካል ከም ዝወደቐ፡ ብሞራል ተስፋ ከም ዝቖረጸ፣ ብውሽጡ ምትእምማን ከምዝጥፈአ፣ ብደላዩ ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለም ከም ዝተበደሀ፡ ብደው ከም ዝሞተ ዝተቓለዓሉ ቃለ-መጠይቕ'ዩ ኔሩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ምኽንያቱ ጀሚሩ ክሳብ ዝውድእ፡ ከም'ቲ "ባዕላ መውጽኢት ደርፌ ባዕላኸ መጥፍኢት ደርፌ" ዝበሃል ነቲ ብጋዘጠኛ ዝቐርበሉ ዝነበረ ሕቶ ብቐጥታ ኣብ ክንዲ ዝምልስ፡ ባዕሉ ሕቶታት ፈጢሩ፡ ክምልስ ይፍትን'ሞ፡ ኣብ መንጎ መኣዝኑ ኣጥፊኡ ሃለውለው ክብል ዝተራእየሉ'ዩ ኔሩ። ደገፍቱ ከም'ዚ ከማይ ተኸታቲለሞን ብግቡእ መዚኖም ተማሂረምሉ ክኾኑን ድማ ተስፋ እገብር።

ዮሃና ዓወት- ካብ ኣዲስ ኣበባ

## ምስ ህግደፍ ዝግበር ስምምዕ ዕደና ኣመልኪቱ ደሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ዘውጸኦ መግለጺ ኣብነታውን እዋናውን'ዩ።

ባህሪ ህግደፍ ኤርትራዊ ባህሪ ኣይውክልን ኣየንጸባርቕን። ፖሊሲታት ህግደፍ ኤርትራዊ ሰላም፡ ረብሓን ደሞክራስያዊ መሰላትን ኣየረጋግጽን። ህግደፍ ምስ መንግስታት፡ ማሕበራት ኮነ ኩባኒያታት ዝገብሮ ስምምዕ ብተመሳሳሊ ንኤርትራውያን ኣይውክልን። ህግደፍ ንህግደፋውያንን ለኣኽቱን ደኣምበር፡ ንዓና ንኤርትራውያን ኣይንታይናን። ብኣና ዝግደስ፡ ንሕና'ውን ከም መንግስትና ወኪልና ንፈልጦ ኣይኮነን። ኣብ'ዚ ኣስታት 24 ዓመት ዝረኣናዮ ዝተዓዘብናዮ ፖለቲካዊ ተፈጥሮ፣ ብስም ህዝብን ሃገረ ኤርትራ እንዳተባህለ ዝወጸ ፖሊሲ፡ ኣዋጃትን መምርሒታትን፣ ተጌሩ ዝተባህለ ዲሎማስያዊ ስምምዓትን ውዑላትን ዝነበረና ኣስኢኑ ክንበታተን ዝደፍኣና፡ ሃገርና ሃገረ ሓዘንን ትካዘን ክትከውን ዝገበራ'ዩ ኔሩ እንተበልኩ ኣይተጋገኹን።

ስለዚ ካብ'ዚ ውህሉል ግብራዊ ተመክሮ ተበጊስና ብዘየወላውል፡ ህግደፍ ኣይናትናን። ንሱ ዝገብሮ ውዑላትን ስምምዓትን ኣይውክለናን። ብስመ ኤርትራን መንግስቲ ኤርትራ ምስኡ ዝግበር ዝኾነ ይኹን ንጥፈታት፡ ሕቶ ዘልዕል ምኻኑ፡ ንዝበጽሕ ክሳራ ድማ ተሓተቲ እቶም መን'ዩ ህግደፍ ብዓይኒ ህዝብታት ኤርትራ እንዳፈለጡ ዝኣተውዎ ምኻኖም ብብሩህ መጠንቀቕታ ምምሕልላፍ እዋኑ'ዩ እብል።

ደሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ፡ "ኣብ መንጎ ስርዓት ህግደፍን ኣውስትራሊያዊት "ሳውዝ ፖለደን" ናይ ዕደና ካፓኒን ዝተበጽሐ ስምምዕ ኣመልኪቱ፡ ብ28 ታሕሳስ 2014 ዘውጸኦ መግለጺ ኣንቢበ። እቲ ውድብ ኣብ መግለጺኡ ብብሩህ ኣቐሚጥዎ ከም ዘሎ፡ ህግደፍ ምስ'ቲ ኣውስትራሊያዊ ኩፓኒያ ኣብ ከባቢ ኩሉሊ ባዳ ንኡስ ዞባ ገላዕሎ፡ መዓድን ፖታሽ ንምዕዳን ዘኽእል ስምምዕ ከቲሞም ኣለው። እቲ ዕደና ካብ 16 ክሳብ 100 ሜትሮ ዕምቆት ተኻዒቱ ዝርከብ ፍርያ ኮይኑ፡ ዓመታዊ ኣታዊታቱ 2.6 ቢሊዮን ዶላር ክበጽሕ ከም ዘኽእል መጽናዕቲታት ከም ዘረጋግጹ ሓቢሩ። ደሞክራስያዊ ውድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ኣቐዲሙ ንከም'ዚ ዓይነት ስምምዓት ኣጥቢቑ ክኹንን ምጽንሑ ኣዘኻኺሩ። ኣብ'ዛ ሰብኣዊ መሰል ዘይኽበረላ፡ ህዝብታት ናብ ስደት ዝውሕዘላ ዘሎ ኤርትራ፡ ህግደፍ ንመናውሒ ስልጣን ምስ ዝተፈላለያ ኩፓኒያታት ዕደና ዝገበሮን ዝገብሮ ዘሎን እንዳኾነነ፡ እተን ኩፓኒያታት፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ኣብ ዝወርድ ዘሎ በደል ኢደን ይሕውሳ ከም ዘለዋ ክንሕብረንን፡ ንዘካይዶ ዘለዋ ዕደና ኣትሪርና ንቃወሞ ምኻና ከነነጽረለን ንፈቱ ክብል ኣጠንቂቑ ኣሎ።

እዚ ኣገናዕ ዘድልዮ፡ ካልኦት'ውን ተመሳሳሊ መርገጽ ክወስዱሉ ዝግባእ እዋናዊ ዛዕባ'ዩ። ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ ህግደፍ ካብ ዝገበሮ ስምምዓት ጉድኣት ደኣምበር ረብሓ ረኺብና ኣይንፈልጥን። ንኣብነት ብዙሕ ዝተዘርበሉ ወርቂ ቢሻ፡

ክንደይ እቶት ተረኺብዎ ኣብ ምንታይ መዓላ 'ኸ ውዒሉ ንፈልጠ የብልናን። ኣብ ካልእ ቦታታ ዝካየድ ዕደናታት ኮነ ሕርሻታት'ውን ከምኡ። ኣይኮነን ተጠቀምቲ ክንክወን ከመይ ተመሓዲሩ ኣፍልጦ የብልናን። እዚ ዝበሃል ዘሎ ዕደና ፖታሽ ድማ ቅድሚ'ቲ መኸሰቡ ንጥዕና ወዲ-ሰብ ኣዝዩ ሓደገኛ ም'ዃኑ'ውን ክግለጽ ጸኒሑ'ዩ። ስለዚ ምስ ዘይውክለና መንግስቲ ትሕተ ባይታዊ ጸጋታትና ንምትሕንሕ ዝኣትዋ ኩባኒያታት ኢደን ክስሕባ፡ ኣይፋልናን እንተበላ ድማ ዝስዕብ ተሓታቲ ባዕለን ም'ዃነን ክፈልጣን ምምልካት እዋኑ'ዩ ዝብል እምነት ኣለኒ።

መሓመድ ዒሳ -ካብ ሃገረ ጅቡቲ

## ተዓዊትና 'ምበር ተሳዒርና፡ ልክዕ ኤርና 'ምበር ተጋጊና ዘይወጸ ምትኽኻብ

ኣዳለውቲ መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ፡ ናይ ኣንበብቲ ዓምዲ፡ ሰላምን ዓወትን ንዓኹም ይኹን። ተካይድዎ ዘለኹም ቃልሲ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ይበል ዘብል'ዩ። ብፍላይ እዚ ደርባዊ ወገንነት፣ ደርባዊ ማሕበራዊ መሰረት፡ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ኣረኣእያ፣ ኣፍልጦን ግብራዊ ክብረትን ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት፣ ድምጺ ውጹዓትን ግዙኣትን ጽን ኢልካ ምስማዕ፡ ነቲ ጸገም ኣብ ምፍታሕ ድማ ምስ'ቶም ውጹዓት ተቐራሪብካ ምስራሕ፣ ባህሊ ግሉጽነትን ተወፋይነት ምትእትታው፣ ገምጋም ስራሕ፣ ባህሊ ነቐፌታን ርእሰ ነቐፌታን ምግባር ዝምልከት፡ ዳርጋ ኣብ ካልእ ዘይርከብ፡ ኣብ ልሳንኩም፡ መግለጺታትኩም፡ ፈነወ ሬድዮኩም ግን ወትሩ ዘይጠፍእ ኣወንታዊ መለለይኹም ኮይኑ ረኺበዮ። በዚ ኣጋጣሚ ድማ ዘለኒ ኣኽብሮት ክገልጸልኩም እፈቱ።

ዝኸበርኩም ኣሕዋት፡ እንተተኻኢሉ ኩሉ ሰብ፡ ኩሉ ኮሚኒቲታት፡ ብቐንዱ ግን ፖለቲካዊ ውድባት፡ ግድን ገምጋም ስራሕ ክገብር፡ ንዓወቱ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ እንኮላይ ንስዕረቱ ንድኽመቱ፡ ኣጕሊሁ፡ ኣብ መድረኽ ኣውጺኡ ክዛረበሎም፡ እንክቕድም እቲ በዓል ቤት ይመሃረሉ፡ ብደገ ድማ ኣኽብሮት ይረኽበሉ፡ እክንድሕር ሰማዒ ተካኢ ወለዶ ይመሃረሉ'ሞ ባህሊ ግልጽነት ኣብ ምትልባት ይሕግዝ። ነዛ ሓጻር ደብዳቤ ክጽሕፍ ዝደረኸኒ፡ ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ ኣመልኪተዮ ዘለኹ፡ ተራ ሓርበኛዊ ሃገራዊ ውድብ ዝነበረ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ናይ ሎሚ ቀዳማይ ጸላኢ ህዝብታት ኤርትራ ዝኾነ፡ ናይ ዕድመ በዓል ጸጋ ህዝባዊ ግንባር/ህግደፍ ክፈልጠ ካብ ዝጀመርኩሉ ክሳብ ሎሚ፡ ተዓዊትና ደኣምበር ተሳዒርና፡ ርሑቕ ኣሚትና ዝሰኣልናዮ መደብ ልክዕ ኤርና 'ምበር ተጋጊና ኣብዝን ኣብዝን ድኽመታት ኤሩ ዝብል ቃል ከስተንፍስ ሰሚዐዮ ስለ ዘይፈልጥ ኣግራሞተይ ንምግላጽ'የ። ብርግጽ እቲ ተዓዊትና ጽቡቕ ኣለና፡ ክሳብ'ዛ ናይ ትማሊ ቃለ-መጠይቕ ኣቶ ኢሳያስ ኣፈ-ወርቂ ይቕጽል ኣሎ።

መቸም ህይወት ሃልይዎ ዝሰርሕ ዝንቀሳቐስ ፍጡር ኩሉ ካብ ጌጋ ነጻ ከምዘይከውን ዘከራኽር ኣይመስለንን። ህዝባዊ ግንባር/ህግደፍ ህይወትና ተመክሮና ኩሉ ግዜ ዓወት'ዩ ኢሉ ክምድር እንክትሰዕ ግን፡ ምስ'ቲ ዝሰርሕ ይጋገ ዝብል ሓፈሻዊ ኣምርን፡ ተራ ዘይኮነ ብደም ዝጨቀወ ኩምራ ገበናቱን ኣብ ግምት ኣእቲኻ ምስ እትመዝኖ፡ ኣይካብ መሪሕነቱ ኣይካብ መሰረታቱ ኩሎም ወዮ ክትብል ትደፍርን ደቂ ሃገርካ ብም'ዃኖም ትሓፍርን። ህዝባዊ ግንባር/ህግደፍ ዘይዕውት ም'ዃኑ፡ ምሉእ ዕድሜኡ ኣብ ጌጋ ከም ዝነበረን ይነብር ከም ዘሎን ብዘይካ ንነብሱ ንነብሶም ንካልእ ንምግጋይ ዝከኣል ኣይመስለንን። ሎሚ ብፖለቲካውን ሕጋውን መዕቀኒታት ህዝባዊ ግንባር/ህግደፍ ውድብ ወይ ግንባር ኣይኮነን። ስለምንታይ'ሲ ሕጋውነቱ ባዕሉ ዘጥፍኦ ስለዝኾነ። ካብ ተለምዶኣዊ መጸውዒ ሓሊፉ፡ ብሕጊ ህዝባዊ ግንባር/ህግደፍ እናበልካ ክትገልጾ ኣብ ባይታ ዘየለ'ዩ። ነዚ ድማ'የ ተዓውትና 'ምበር ተሳዒርና፡ ልክዕ ኤርና 'ምበር ተጋጊና ዘይወጸ ምትኽኻብ ዘበለኒ።

ሃና ገብረኣብ ካብ መዓስከር ስደተኛታት ሽመልባ

# ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና!